# እታዓባይ ሞሮኮብናይ ለውጢትምሮሽ

## ካልኣይ ክፋል

ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ጹሑፍ፣ እታ ዓባይ ሞሮኮብ ሓድነት፣ ንቕሎ ኣደታት ንምድሓን ሃገርን ህዝብን ዘባ ኤውሮጳ፡ ከምቲ ዝተበገሰቶ ንቕሎኣ፣ ብቑኑዕ ማድን ሓባሪ ቡሶላን ብምስፋፍ፡ ንህዝብኻ ጎስዳስን ተወዲቡ ክዋሳእን፣ ኣብ ናይ ሓባር ሜኣዲ-ዘተ ክሳተፍን፣ ነቶም ተወዲቦም ግናኸ ብቕናት ሓድነት ዘይተዓጠቑ፣ ኣብ ባይታ እንካን ሃባን ጡዑይ ማስርሕ ፖለቲካ ብምጥቃም፡ ምክልኻል ሃገር፣ ሓድነት ህዝቢ ቅድምሰሪያም፡ ኣብ ሓደ ጽላል ንምብጻሕ **ወዑል ዝኽተሞኡ ማስርሕ ስርሓት ይካየድ ኣሎ።**

እተን ዝተፋላለያ ሓይሊ ዕማማት ነቲ ራኢን ዕላማን ሽቶን ንምትግባሩ፣ ንተልእኾ ጉባኤ ፍራንክፈርት፣ ብዓቕሙ ብዘፍቅዶ ንምትርጓሙይዋስኣ ምህላወን ይሕበር።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዓው ኢሉን ሓኒኑን ይኣክል ግዝኣተ ውልቀ ማላኺ፣ የብቅዕ ምፍልላይ፡ ንንቀል ሓቢርና ንምስራሕን፣ ንኹላትና ዘጽልል ባይታ ክህልወናን፣ ብሓባር ሜደበ ስርሓን ንዑኡ ዝገዝእ ህንጻ-ሕጊ ነጽድቐሉ፡ ኣብ ጉባኤ በቶም ተወኪሎም ዝመጹ ህዝባዊ ምርጫ ተኻይደሉ፣ ሓበራዊ ሜሪሕነትን ንዕኦም ዝካታተሉ/ዝቋጻጸሩ(ኦዲተር)ን፣ ንግርጫት እተፈትሕ ዓራቒት ሽማግለ ዝመዘዝን፣ ካቡ ሓሊፉ ኣብ ዘባ ኤውሮጳ ክውክለና ዝኽእልን ምስ ካልኦት ክፍሊ-ዓለማት ዘለዉ ወከልቲ ህዝቢ ብምርኻብ ዓለምለኻዊ ሜሪሕነት ዝቖሞኡ ኣጋባብ ንምብጻሑእዩ እቲ ዕላማጸዕርን ዝካየድ ዘሎ፡ ፡

ራኢን ዕላማን ሽቶን ተበግሶ፣ ንቕሎ ኣደታት ንምድሓን ሃገርን ህዝብን ዘባ ኤውሮጳ፣ ነዛ እዚ ዘይብሃል ሰዊእካ ሰንኪልካ **ናጻ ዘወጻእካያ ሃገር፣ ብረፈረንድም ህዝቢ 99.8 ንናጽነት ዘስሞርላ ፍቕርቲ ኤርትረያና፣** በዚ ሰራምገባቲ ኣግላሊ ውልቀ ማላኺ፣ ግዝኣተ-ሕጊ ዝሳኣነት፣ ብፍትሒ ዲሞክራስን ብቑዋም ክትምሓደር ዝኣገዳ፣ ናጻ ፕረስ ዝኸልከላ፣ እምነት ካብ ስርዓተ ምድራዊ ይፋላለ እዩ ዝብሉ ዝሕየሩላ፣ ሕሉፍ ሓሊፉ ንልእላውነት-ሃገር ጢሒሱ ንሓድነት ህዝቢ ዘሪጉ፣ ናብታ ብዘይካ ሜሬት ኤርትራ፣ ካልእ ዘይትትምነ፣ ነባሪት ዓሚጺትን ገዛኢትን ጸላኢቲ መንግስትታት ኢትዮጵያ፣ ብዝተፋላለየ ሜልክዕ/ኣምስሎ ህዝብና ዘይፈልጦን ዘደልዮን ንምስኩዓ ወይ ቡኹሉ ዓይነት ዝደኸመትን ተሜጻዊትን ብምኳን ድልየተ ስርዓት ኢትዮጵያ እተሜልእ ክትከዉን ህርድግ ዝብል ዘሎ፤ ጠጠውብል ያኣኽለካ ሃገርና ኣሕሊፍና ኣይንህብን፣ ደምን ዓጽምን ስዋኣትና አይነርግጽን ክንብልን ሓቢርና ግደና ካነብርክት እዩ እቲ ተበግሶ።

እዚ ተበግሶ ኣደታት ናይ ኲላትና ተበሶን ክካየድ ዘለዎ ንቕሎ-ዶ ኣይኮነን?

እንተ-ደኣ ተበግሶናን ንቕሎናን ኮይኑ፣ መን ዓዳሚተዓዳሚክኸዉን ኣለዎ?

ነዚ ናይ ኣደታት ተበግሶ፣ እተን ኣብ ጽምብል ፍራንክፎርት ዝተወከላ ሽማግለ ክጽውዓና ዲና ንጽበ ዘሎና?

ኣብ ጉዳይና፣ ነቶምንቲ ስራሕ ብወለንትኦም ተቐቢሎም ዝዋስኡ ጥራይ ድዩ ተወሲኑ ዝተርፍ?

እዚን ከምኡ ዝኣመሰሉ ብዙሓት ሕቶታት ክስዕቡ ይኽእሉ እዮም፡፡

ከም ዝተረአ ተሞክሮታት፣ ስጋብ እዛ እዋን እዚኣ ምሁራት ዘካይድዎ ዋዕላታት፣ ውድባት፣ ምንቅስቓሳት፣ ሲቪካውን ህዝባውያን ማሕበራት፣ ዘካይድኦ ጉባኤታት-ኮንፈረንስታት-ሰሚናራት-ፈስቲቫላት፣ ንህዝብና ዝጠቅምን ካብቲ ዘለዎ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ውልቀ ምልክነት ናብ ፍትሕን ግዝኣተ-ሕግን ዲሞክራስን ዝእምት/ዘምርሕ ዝምህር ዘንቅሕ... ወዘተ ይኹን'ምበር፣ እቶም ገለ ቀረብቲን ዓደምትን እቶምካልኦት ተዓደምቲ ብምሗን፣ ገለን ኣሳናዳእቲ ውራይ እቶምዑዱማት ክኣ ተሳተፍቲ ኮይኖምስለ ዝርከቡ፤ ስጋብ እዛ እዋን ኢዚኣ፡ ናይ ኣብ ዲያስፖራ **ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ጽላልን፣ ሓበራዊ ንድፊን፣ ንዕኡ ዝገዝእ ህንጻ ሕግን፣ ሚዛናት ዘስታኽኽሉ ባእታታት ክውንን ኣይካኣለን።**

ካብዚ ዝነቐለ ሃገር ከይትጠፍአት ከላ፣ ህዝብና ፈጺሙከይጸነተ ብምባል ተበግሶ ብምውሳድ ኲሉ ዝዋሳኣሉ፡ ናተይ ኢሉ ብምትእ ሉቡን ዓቕሙ ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ጠጠው ዝብለሉ፡ ብዘይ ኣፋላላይ ወዲ ዓይኒ-መዓር ዘይብሉ(ብማዕረ) ንኹሉ ዝጥርነፈሉ ባይታ ወይ መኣዲ ዘተ ተኸፊቱ፣ በቢ ዓቕሙንስራሕ ዝዋፈረሉ ብንጹህ-ልቢ ዝዋሳኣሉ፣ ሕድግታት ማስርሕ ምኳኑ ዝኣምን ሉ ተጀሚሩሉ ከምቲ ኣብ መኽፈቲ ጹሑፍ እታ ዓባይ ሞኮብ ሓድነት ትሰፍፍ ኣላ። ናብኣ ንምስቃል ተዓዲምካ ዘይኮነስ በታኻ ኣጣጢሕካ ንዘተ ቁሩቡን ቱጉሁን ኮንካ፣ እነሀኹ ክትብልን ምቅድዳም ከተርእን እዩ ዝማስል ጠለብህዝቢ።

እታ ሓይሊ ዕማምነስጓስን ውዳበን፣ ምስ ቡዙሕነት ውድባት ንኹሉ ክትበጽሖ ማለት ዘይካኣል ይማስል፣ ኮይኑ ግን በዚ ክፍሊ ዜናን-ሓበረታን እትልእኾ ዘላ ጹሑፋ ኣቢላ ንኹሉ ንፍትሒ ዝቃለስ ዘበለ ዝተወደበ ይኹን ዘይተወደበ ጽዊዒት እና ኣቕረበት፣ ኲሉ ፍትሓዊ ዜጋና ኣብ ጉዳዩ ተዓዳሚዘይኮነስ ባዓል-ውራይ ብምኳኑ ማጠን በቲ ዝሕበር ኣድራሻታት ኣነ'ውን ኣለኹ ዝብል ሜልሲ ክህብ ትጽቢት ይግበረሉ።

ከምኡ እታ ሓይሊ ዕማምክፍሊ ፖለቲካዊ ዝምድናታት ምስ ውድባትን ሓይሊ ዕማማትን እዉን በቲ ሰነዳቶ ዘላ ሜደበ ስርሓት ትንቃሳቐስ እኳ እንተ ሃለወት፣ እሳ ስጋብ ትረኽበና ኢልካ ምጽባይ ጉድለት እዩ ክቑጸር ዝኽእል፡ ፡

ሎሚ ጸዋዒን ተጸዋዒን ዘይኮነስ ጉዳይና ብኽሙይ ኣወንታዊ ንግበሮ፣ እቲናይ ኲላትና ሽቶ ንውቃዓዮ እዩ እቲሜልሲ።

ስለዚ እዛ ሓይሊ-ዕማም እዉን በዚ ኣጋጣሚ ኸለን እተን ካብ ነዊሕ ተወዲበን ክንቃሳቐሳ ዝጸንሓ ይኾና፣ እተን ኣብዚ እዋን ተጠርኒፈን ይኣክል ምፍልላይ ሓቢርና ንቃለስ፣ ነዚ ዉልቀ-ማላኺ ካብ ስሩ በንቕርካ፣ ስርዓተ ሕግን ዲሞክራስን ንምትካል ዝብል በዚ ኣብ ታሕቲ ተሜልኪቱ ዘሎ ኣድራሻ ክትራኸቡና እቲ ኩሉ እንደልዮ ግን ገና ትምኒት ጥራይ ኮይኑ ጸኒሑ ዘሎ ናብ ግብራዊ ከነብቅዖ ናይ ኩላትና ድልየት ጻዕሪ ምትሕብባር ይሓትት።

ኣብ ምድያዊ ክሊ፡ ሓይሊ ዕማም ዜናን-ሓበረታን ንኸለን ኣብ ባይታ ምድያ ንፍትሕን ርትዕን ሓቃዊ ዜናን-ሓበረታን ንህዝብና ዘስንቓ ዘለዋ በቲ ብዘይ ይሕለል ጻዕሪታተን እና-ማሰት፣ ተዋሃሂድካን ናይ ሓባር ማስርሕ ምልዉዋጥ ሓቤረታን፣ ንኸለኡኻ ዝገዝእ ኤትካዊ ሕግታት እና ተኸተልካ ብምክብባርን ኢድ ንኢድ እና ተዋሃሃብካ ነዚ ተበግሶ ንቕሎ ኣደታት ንምድሓን ሃገርን ህዝብን ዘብኤውሮጳ፣ ከምናተን ገይረን ክወስድኦን ኣብ ዓምድታተን ጹሑፋት ይኹን ተንቃሳቐሲ፣ ነቶም ናይ ጎስጓስን ውዳበን እና ዓደማ ቃለ-ማሕትት ካብኡ ሓሊፉ ምስ ኩለን ሓይሊ ዕማማት ዝራኸብሉ ባይታ ክፈጥራ ንዕድም።

እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ምሕጽንታታት ንምዝኽኻር ዝዓለሜድኣምበእር ስራሕ ናተይ ናትካ ዘይኮነስ ናይ ኩላትና ምዃኑን ግድነትና እውን እዩ ዝብል ርእይቶ ኣለና።

ብዝተረፈ እቲ ሓይሊ ዕማማትና ኣብ ታሕቲ ተሜልኪቱ ኣሎ ዝበልኦ ኣድራሻታት ከምዚ ዝስዕብ ይቐርብ።

**E-mail :- Niqlo . adetat@ hotmail . com**

**Facebook:- Niqlo Adetat ni Dehent Hezbi**

**Twiter;- NAdettat**

ከምዚ እትርእይዎ ዘለኹም እዚ ኣድራሻታትንግዚኡ ኣድራሻታት፣ ንቕሎ ኣደታት ንምድሓን ሃገርን ህዝብን ኮይኑ ንዝመጽእ ዝዉሰኽ ከም ይቱቡን ካልእን ክስዕብእዩ ።

ሓቢሩ ዝሰርሕ ይዕወት

ሓድነት ህዝብን ልእላውነት ሃገር መሰረትን ቐዳምነትን

ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ሓበረታን

ቀራቢ ፍትዊ ክፍለ